ንእሽቶ ከሎኹ ዘይትርስዓኒ ኣዝያ ኸኣ እተሓሳስብኒ ኲነት ኣላ። ትኽን፡ ንእሽቶ ክነሱ፡ ብቐሊሉ ኸተጥፍኦ ዘይትኽእል ሓያል ፍጥረት እዩ። ከም ምኽኑ መጠን ከኣ፡ ብዙሓት ሰባት ነባይቶም፡ ብፈውሲ ኸረን ዚፍለጥ፡ ሓደገኛ ዚኾነ ስሚ (cyanide)፡ ነፊሓምሉ ይውዕሉ ነይሮም።

ሸሞንተ ደቂ ዝነበሩወን ኣዝየ ዝፈትወን፡ ዘሐንቅቓኒ ዝነበራ ኣደ፡ ትኽን ኬጥፍኡ ቤቶም ፈውሲ ተነፊሖዎ ዓጽዮሞ ውዒሎም ምሸት ተመልሱ። ጥዓሞት ደቀን፡ ቅጫ ኸስንክታ እንዳ ሓርጭ ሃሰስ እንተበላ፡ እቲ መኽደን ከምቲ ዚግብኦ ኸይገጠመ ጸኒሑወን ሰንበዳ።

እቲ ሓርጭ ብዙሕ ምንባሩ ኣተሓሳሲብወን ምኽንያቱ፡ ክንድኡ ዚኣክል ሓርጭ ኺድርብዩ ክሳዕ ክንድቲ ርኹባት ኣይነበሩን፤ ከይስንክትኦ ኸኣ ደቀን ከይየቐትላ ፈሪህን ዚገብርኦ ጠፍኣን። ደሓር እታ ጭንቀን ንሓደ እኳ ኸይነገራ፡ “ካብ ደቀይሲ ኣነ ድኣ” ኢለን፡ ካብቲ ሓርጭ ወሲደን ቅጫ ሰንኪተን፡ “ናይ መወዳእታ ድራረይ እኳ ትኸውን” እናበላ ከም ዚበልዓኣ ድሕሪ ነዊሕ እዋን የዕልላ። ከምቲ ናይ ሰብኣየን፡ ምናልባሽ ሕጂ’ውን ነቲ ተግባረን ከም ዕሽነት ገይሩ ዚርእዮ ኻልእ ሰብ ኣይሰኣንን ይኸውን። ግና እዚ ብብርቱዕ ሓልዮት ዚተላዕጠጠ ምሒር ፍቕሪ ኣደ እዩ።

ኣሸንኳይዶ ኣብ ሰብሲ፡ ኣብ እንስሳ እኳ ዚርአ ዘይሰሓት ሓቂ፡ ኣደ፡ ደቃ ጽቡቕ ኺዓብዩ፡ ካብ ከብዲ ቤት ዚበቍል፡ ካብ ደገ ዚመጽእ ኣደራዕን ስእነትን ጸይራ፣ በዝን በትን ካብ ዚቕልቀል ጉድኣት ኬኽትል ካብ ዚኽእል ዘይቅዱይ ህዋህው ትኽውል። ከብዶም ከይጠሚ፡ ሕቘኦም ከይዓርቐ፡ ኸይጕድሎም፡ ኸይሓሙ፡ ኸይጽምሉዉ፡ ወላዲት እትገብሮ ነገርን እተርእዮ ሓልዮትን እትሓልፎ ኲነትን ፍሉይ እዩ።

እቲ ንዓኣ ዚምእምእን ዜወጻጽእን ኲሉ ገዲፉ ምእንቲ ደቃ ዓቃልን ጸዋርን ሓላዩትን ኺትከውን፡ ዚድርኻ መስዋእታዊ ፍቕርን ልባዊ ሕያውነት ወላዲትን ደኣ እምበር ርእሰ-ጣዕምን ምቾትን ዘይትደሊ ወይ ዘይትፈልጦ ስለ ዝኾነት ኣይኰነን።

ዚመጻእናሉ ባህሊ፡ ኣዴታትና፡ ኣፈን ገዲፈን ኣፍ ደቀን፡ ንዕኣን ሓዲገን ደቀን ዘቐድማ፡ ንዉሉደን እምበር ንርእሰን ኣይነብራን እየን እንተ በልና ዜካትዕ ኣይመስለንን። ብሕልፊ ኸኣ ነዞም ከምዞም ክልተ ኣብ ላዕሊ ዚጠቐስናዮም ሰባት ስፍሓትን ዑምቀትን ፍቕሪ ወላዲት ከመይ ምኽኑ ወትሩ ዚሓስቡሉ ይመስሉ።

ሓደ ሰብ፡ “ኣይተሰወጠንን ደኣ ነይሩ እምበር፡ ኣደይ ብዛዕባይ ዘይትፈልጦ ገለ ነገር እኳ ኣይነበረን። ናይ ቀረባ ዓርከይ ምኽና ኸኣ ብዓንተብኡ ኣይፈለጥኩዎን። ኣብቲ ኸፈልጠሉ ዚግባኣኒ እዋን ከኣ ነዊሕ ኸይጸናሕና ተፈላሊና” ኢሉ የስተንትን። ቀጺሉ፡ “በቲ እዋን ዕግርግር፡ ገዛውቲ ኺፍተሽ እዩ እሞ፡ ሓደ ሰብ ንስራሕ ወይ ትምህርቲ ኸይወፍር ተባሂሉ፡ ኣነ ኸኣ ከም ህዝበይ ዓዲ-ውዒል ኰይነ። ሰብ ዓቕላ ጸቢቡዋ ኣብቲ ገዛውታ ዘውር ክትብል ምስ ረኣኹዋ ድማ ተሓኊሰ፡ ንዝነበረትኒ ግናይ ኣመል ኺቃባጥር ከኣ ንደገ ወጺአ።

ኣብ ደገ ኣብ መንጎ ኸናፍረይ ቀርቂረ፡ ክርቢት ካብ ጁባይ ከውጽእ፡ ገና እታ ኢደይ ከይወጸት ከላ፡ “ንዓ ድኣ’ዚ ወደይ፡ ኣደ ትፈልጦ ጉድ ኣብ ከብዳ እዩ ዚተርፍ። ንዚፈልጡና መመከሒ ንዘይፈልጡና ድማ መዛረቢ ከይንኸውንሲ፡ ኣብዛ ካንሸሎኻ ድኣ! ኣዴኻ ጥራይ እንተ ረኣየትካ ይሓይሽ . . . ንዓ ድኣ ’ዚ ወደይ እቶ፡” ምስ በለትኒ ሰንቢደ ግልብጥ በልኩ። ኽርእያ ግና ኣይከኣልኩን። ሕፍረት ዚመልኦ ድናጋጸ ፈሲሱኒ ኸኣ ፈዘዝኩ። ኲሉ ፍቕርን ድናጋጸን ተሓዋዊሱ ዓይነይ ቁጽርጽር ኢሉ፡ ገይረዮ ዘይፈልጥ ቀሪበ ድኣ ሕቘፍ ኣበልኩዋ” ይብል።


መዘከርታ

ዓመታዊ ጉባኤ ብስራት

ሕብረት ወንጌላውያን

ነሓሰ 3 — 9 2009

ኣብ ኦርሊንስ፡

ኢንድያና እዩ።

ቀጺሉ፡ “ኣነ ኸይትጒሂ ካብኣ ኸሕባእ እብል ንሳ ኸኣ . . . ለካስ ትፈልጥ ነይራ እያ። ነተን ዝነበራኒ ካብ ጁባይ ኣውጺአ፡ ጭፍልቕ-ጭፍልቕ ኣቢለ ሽው ንሽው ኣብ ሽቓቕ ኣእተኹወን። እታ ግናይ ኣመል ምትካኽ ከኣ ሽዓ ምስአን ምስ ከደት ኣይተመልሰትን፤ ተፈዊሰ። እቲ ሽው ዚበርሃለይ ፍቕራዊ ሓልዮት ኣደይ ከኣ ካብ ኵሉ ግናይ ዚከላኸል ጽኑዕ ዋልታ ኰይኑኒ። ካብ ብዙሕ ጒዳኢ ኣመላትን ግናይ ተግባራትን ፈተናታትን ክሕሎ ደጊፉኒ” ኢሉ ብዛዕባ ኣዲኡ ይዛረብ።

ርግጸኛ እየ፡ ብዛዕባ ኣደ ክንዛረብ እንተ ድኣ ኾንና፡ እዛ መጽሄት ብምልእታ’ውን ትኣክል ኣይመስለንን። እሞ፡ ሕልፍ-ሕልፍ ኢልካ፡ ሳሕቲ፡ እንተ ዘይኰይኑ ብዛዕባ እዲኡ ዘይሰናይ ኪዛረብ ዚሰማዕኩዎ ሰብ ኣሎ ኸብል ኣይክእልን። ብሕልፊ እኳ ድኣ ኣብ ባህልና፡ ዳርጋ ዅሉን ኬብለካ ዚኽእል ሓቂ፡ እተን ዚበዝሓ ኣዴታት ደቀን ኼዕብያ ንሰብኣየን ክከናኸና ዜሕልፍኦ ናብራ፡ ናብራ እዩ ኽትብሎ ከቢድ እዩ። ንደቀንን ሰብኡተንን እምበር ንርእሰን ኪነብራ ኣይትርእየንን።

ብወገነይ፡ ከም ሰብ መጠን ምርጫ ተዋሂቡኒ፡ ኣደ ንክኸውን ኣብ ሃገርና ካብ ዝፍጠር ከይተፈጠርኩ ምትራፍ ይሕሸኒ ምበልኩ፤ ምሳይ ዚሰማምዑ ኸኣ ሒደት ኣይመስለንን። ብኣንጻሩ፡ ምርጫ ተዋሂቡዋ ኣደይ ከምቲ ኣነ ምመርጽኩ ዝበልኩዎ መሪጻ እንተ ትኸውን ነይራ ኣነ ኣይምሃለኹን። ተኻፋሊ በረኸት ዕላማ እግዚኣ ብሄር ድማ ኣይምኾንኩን። ኣልዕል ኣቢሉ ዘይፈጥር ኣምላኽ ንኽብሩ ስለ ዝፈጠረኒ እሕጒስ።

ብዛዕባ ኣደ ኸነስተንትንሲ፡ ነታ ትሽዓተ ወርሒ ኣብ ከርሳ ጸይራ ንኸይተዕርፍ ድማ ኵነታት ዘየፍቀደላ፡ ተወሊደ ድማ ኣብ ሑቕፉ ኣሚሚቓ፡ ጸባ-ጡባ መጊባ ዘደልደለትኒ፡ ብፍቕራ ሓብሒባ ድማ ዝመልመለትኒ ኣደስ ክኸፍላ ኣይግብኣንንዶ? ይግባኣኒ እባ! ግናስ ብኸመይ እሞ ክኸፍላ? ብፍልይ ዚበለ መገድስ ብኸመይ ኬኽብራን ክዝክራን እየ?

ኣደ፡ ብህይወታ ትሃሉ ኣይትሃሉ ብዘየገድስ፡ ሓደ ሰብ ብዚከኣል መጠን ብባህርያቱ ይኹን ብጠባያቱ ከምቲ ትምኒታ ምስ ዚነብር እቲ ድኻማ ጻማ ይህልዎ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ደቀ-ንስትዮ ከምኡ’ውን ኣሓቱ ዘለዎ ኣረኣእያ፡ መንነተን፡ ደርበን፡ ትሕዝቶአን፡ ዝንአን፡ ሞያአን፡ ወዘተ፡ ብዘየገድስ፡ ባህላዊ ዘይኰነስ ሰብኣዊ፡ ገጽ-ርአ ዘይኰነስ ልባዊ፡ ከም ፍጡራት ኣምላኽ መጠን፡ እቲ ዚግበአን ክብረት ምስ ዜርእየንን ዚህበን ነታ ወላዲቱ ብፍልይ ዚበለ መገዲ የኽብራን ይዝክራን።

ምስጢር ኣይኰነን። ኣብ ሃገርና፡ ነተን ካብ ሓንቲ ኣደ ዝተወልዳ ኣሕዋትና እኳ ኣብታ ሓቢርና እንነብረላ ቤት፡ ደቀ’ንስትዮ ብምዃነን፡ ሓደ ክዳነይ ዘይሓጸብክለይ፡ ዘየስታረርክለይ፡ እቲ ኻልእ ከኣ ምስሓይ ዘየውዓኽለይ ወይ ዘይቀረብክለይ ወዘተ እናበልካ፡ ብዝጠቅም ዘይጠቅም ቆሎ ጥጥቕ ከመይ ከም ዚለፍዓን ዚከላበታን፡ ገሌና ዝረአናዮ፡ ገሌና ድማ ዚገበርናዮ እዩ።

እቲ ዜተሓሳስብ፡ ነዲአን ኺሕግዛ ተባሂሉ እዩ እሞ፡ እታ ኣደ ማዕሪአን ትለፍዕ ከም ዘላ’ውን ኣይንርእዮን። ከም ኣደ መጠን ከነፍቅራ ንደሊ፡ እቲ እትገብሮ ኵሉ ግና (ምሳና ዝተወልደ ዚመስል) “ግቡኣ እዩ፡ ንኸምኡ እያ ተፈጢራ” ዓይነት ዘይነስተውዕለሉ ስዉር ኣእምሮኣዊ እምነት ስለ ዘሎ፡ ኣሸንኳይዶ ኸነስተብህለሉስ እንሓስበሉ እውን ኣይንመስለን። እምበኣር ነታ ዝወለደትኒ ኣደይ፡ ንኻልኦት ደቀ’ንስትዮ ሕያውነትን ኣኽብሮ ብምሃብ ብፍልይ ዚበለ መገዲ ኣኽብራን እዝክራን።

ዘሎናዮ እዋናት ብዅሉ መዳያት እናሰልጠነ፡ እቲ ሰብ ድማ እናተማሃረ ኪኸይድ ይርአ። ንደቀ-’ንስትዮ ብዚምልከት ግና እቲ ጊዜ ፈዚዙ ዚቖመ ይመስል። እቲ ዘሰንብድ፡ ካብ ዚተገብረ ብዙሕ መጽናዕትታት ሓደ ከም ዚሕብሮ፡ እንተ ብበዓል ቤታ፡ ዓርካ፡ ሕጹያ፡ ኣባል ስድራ ቤታ ወዘተ፡ ሓንቲ ካብ ሓሙሽተ ደቀ-ንስትዮ፡ እንተ ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ መግፋዕቲ ይወርዳ።

“ውሽጡ ሕሩር” ከም ዚብሉዎ፡ ብደገ ዘይርአ፡ ብዙሓት ክርስትያናት እናተገፍዓ ይነብራ ከም ዘለዋ ገሌና እንፈልጦ፡ ገሌና እንርእዮ፡ ገሌና ድማ ዘይንስሕቶ ሓቂ እዩ። ሓደ-ሓደ እዋን ነቲ እምነት

ክርስትና ንከላኸለሉ ዘሎና ይመስልና ግዲ ዀይኑ፡ ነተን ብክርስትያናት አሕዋተን፡ ብሕልፊ እኳ ድኣ ብሰብኡተን ዚቖስልአ ከምኡ'ውን ዚጾርአ ግፍዕን ኣደራዕን እናረአናዮ ከም ዘይረአናዮ፡ እናሰማዕናዮ ከም ዘይሰማዕናዮ፣ ተመሊስና ክትጽመም ከም ዘለዋ ብዝተፈላለየ መገድታት ንነግራ፡ አረ ኣግሂድና'ውን ንምዕዳ። ነቲ ገፋዒ ነመኽንየሉ፡ ነታ ተገፋዒት ከኣ ክትርዳእ ንመኽራ! ከመይ ድኣ'ዩ 'ቲ ስርዓቱ?

ሰሪሖም ስለ ዚኣትዉ፡ እቲ ዚኸፈል ድማ ስለ ዚኸፈሉ፡ ኣንስቶም ከኣ ኲፍ ኢለን ከም ዚወዓላ እንታይ ኸትገብሪ ውዒልኪ፡ ኽለፍዕ እኳ'የ ውዒለ ዓይነት ዘረባታት እናደርበዩ ዚሃስዩ ሒደት ከም ዘይኰኑ ኲልና ኣይንስሕቶን። ግና ምናልባሽ ብጌጋ ኺይንርድኦስ፡ ነቶም ኣገልገልቲ ወንጌል፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዓየይቲ ኢና ንዚብሉ'ውን ዚምልከት እዩ።

'መን'ሞ ኺኣምነኒ? እቶም ዚፈልጥዎ ከም ናይ ቤተ-ክርስትያን ሰብ፡ ከም ዘማሪ፡ ኣገልጋሊ፡ ወዘተ፡ እዮም ዚርእይዎ፤ ምስኡ ኣይነብሩን እዮም፡' ብምባል ደቀን ኺዕብያ፡ ቤተን ኺጥርንፋ፡ ቃል ኪዳነን እኽቢረን፡ ሓዳረን ንኺይዝረግ፡ ከምታ፡ "ደም እናጠዓመኒ በቲ ጐይታ ዚህበኒ ጸጋ እነብር ኣሎኹ" እትብል እናበላ ዚነብራ ሒደት ኣይኰናን። እሞ፡ ስለ እዘን ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓዳር ተጸሚደን ዘለዋ፡ ቅድም ብምጽላይ፡ ከምኡ እውን ንኺሕግዝ ዚከኣለኒ ብምግባር ነታ ወላዲተይ ብፍልይ ዚበለ መገዲ ኣኽብራን እዝክራን።

ሄዋን እታ ቐዳመይቲ ኣደ፡ ማርያም ኣደ የሱስ፡ ማርያም መግደላዊት ወዘተ ደቀ-'ንስትዮ እየን። ከምኡ ድማ፡ ቅድም ንኣገልግሎት የሱስ፡ ደሓር ከኣ ወንጌል ንኺዝርጋሕ ብገንዘብን ብዝተፈላለየ ኻልእ ንየሱስ ዚድግፍኦ ዚነበራ ኲለን ደቀ'ንስትዮ ንዘክር። ልክዕ ኸምአን እታ ኣደይ ወላዲተይ ዓለ-'ንስተይቲ ከም ምኟና መጠን ኲለን ደቀ-ንስትዮ ድማ ንነፍሲ ወከፈን ብናታ ዓይኒ ገይረ ኽጥምተን ምስ ዚጽዕት ነታ ኣደይ ወላዲተይ ብፍልይ ዚበለ መገዲ አኽብራን እዝክራን።

ኣደይ ዓለ'ንስተይቲ ከም ምኟና መጠን፡ ካልኣት ከኣ እንተ ዘይወለዳኒ እኳ ከምዚ ናተይ ኣዴታቶም ዚዀና ውሉድ ኣለዉወን። ስለዚ መን ምኟና፡ ውሉድ ይሃልዉዋ ኣይሃልዉዋ ብዘየገድስ፡ ንዝዀነት ሰበይቲ እቲ ዚግብኣ ሰብኣዊ ክብሪ ኺወሃባ ተፈጥሮኣዊ መሰላ ምዃኑ ተገንዚበ ሕልናይ ምስ ዚገብሮ ነታ ወላዲተይ ብፍልይ ዚበለ መገዲ አኽብራን እዝክራን።

እተን ጎራዙ ዘለዋ ደቀ'ንስትዮ ኣሕዋተይ ድማ ከምኡ፡ ደሓር ኣደይ ዚብሉወን ውሉድ ኺህልዉወን እዮም። ኣደይ ከኣ ሓንሳእ ክንድአን ነይራ እያ እሞ፡ ዕድሚአን ብዘየገድስ ሕያውነት ዚመልኦ ክብረት ኪህበን ሰናይ ሕልናይ ምስ ዝገብሮ ነታ ወላዲተይ ብፍልይ ዚበለ መገዲ አኽብራን እዝክራን።

ነደይ ክሳዕ ክንድቲ ክብረት እናህብኩ ንኻልኦት ደቀ-ንስትዮ፡ እቲ ዝገደደ ድማ፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ነቲ ውጽኢት ናይ እቲ መጽናዕቲ ከምቲ ዘለዎ ኪኸውን ኢድ ወይ ግደ ዘለዎ ክኸውንሲ ከመይ ድኣ እዩ እቲ ነገሩ? ነዚ ኣብ ግምት ኸእትዎ ምስ ዝነቅሕ፡ ኣብ ግብሪ ኽውዕሎ ድማ ምስ ዝግስግስ፡ ነታ ወላዲተይ ብፍልይ ዚበለ መገዲ አኽብራን እዝክራን።

ኣብ መወዳእታ፡ ክብረት ንኻልኦት ምሃብ ብዚምልከት፡ ሓንቲ ሰብ፡ "ናይ ክብረት ነገር ዘገርም ነገር እዩ፤ እንተ ሃብካዮ፡ ልክዕ ከም ቡመራንግ፡ ዚምለሰካ ዓይነት እዩ" ትብል (ቡመራንግ፡ ኣብ ኣውስትረልያ ዚጻወትሉ፡ ደርቢኻዮ ናባኻ ዚምለስ ሓኸሊ ምሳር ዚመስል ዕጹፍ ዕጨይቲ እዩ)። እሞ፡ ሙብዛሕትኡ እዋን እቲ ሕያውነት ዘለዎ ኣኽብሮ እተርእዮ ሰብ ተመሊሱ የኽብረካ።

ብኣንጻሩ እትገፍዖ፡ ወይ ተገፊዑ ፋዕራ ዘይትገብረሉ ሰብ ግና ከምታ ኢድካ'ኳ እንተ ዘይፈደየካ፡ እንተ ወሓደ ተዓዚቡካን መዚኑካን ኣሎ፤ እንተ ገደደ ኸኣ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘለዎ ኣረኣእያ ክብረት ዘለዎ ኪኸውን ኣይክእልን።

እምበኣርሲ፡ ሕያውነት ዘለዎ ክብረት ብምሃብ፡ ድንጋጸ ዘለዎ ድማ ሓልዮት ንኻልኦት ብምርኣይ ነታ ወላዲተይ ብፍልይ ዚበለ መገዲ አኽብራን እዝክራን። ከብዲ ኣደ ኲሉ ዜዋህልል፡ ዚጻውር፡ ዚዕቅብ፡ ዚዓቍር ቀላይ እዩ። ስለ ኣዴታት እግዚኣብሄር ይመስገን!

ስዩም - ኣሰናዳኢ